Public education
**Discover a world of opportunities**

መዋእለ ህጻናት

# ምጽሓፍን ፊደላት ምዝርዛርን ጠቓምቲ እዩም!

## ኣብ ምጽሓፍን ምቁጻር ፊደላትን ዝሕግዙ ሓሳባት

ብሓባር ኣንበቡ

ምስ ደቅኻ መጻሕፍቲ ብቀጻሊ ኣንብብ። እተን ዝፈትውወን ዛንታታት ደጊምካ ደጋጊምካ ኣንብበሎም። ልሙዳት ዝኾኑ ቃላት ኣመልኪትካ ብሓባር ኮንኩም ፊደላት ቁጸሩ።

> **ቆልዑት ብዝተፈላለየ ቅልጣፈ ከምዝምዕብሉ ኣብ'ዚ ምዝካር ኣገዳሲ'ዩ። ተዓገስ፡ ኣወንታዊን ደጋፊን ኩን፡ ዋላ'ውን ጌጋ መልሲ እንተሃቡ ክፍትኑ ምድፋሮም ጥራይ ናእዳ ክትህቦም ከምዘለካ ኣረጋግጽ። ንስኻ ምዕባለ ደቅኻ እንድሕሪ ኣሰኪፍካ ምስ መምህሮም ተዘራረብ።**

**ብሓባር ጸሓፉ**

ዝርዝር ዝግዝኡ ኣቑሑ ምስ ደቅኻ ኮንካ ጸሓፍ። እንታይ ትገብር ከምዘለኻን ትጽሕፍ ከምዘለኻን ተዛረብ። ንዕኦም'ውን ዝርዝር ዝግዝኡ ኣቑሑ ክጽሕፉ ሕተቶም። ደቅኻ ክፍትኑ ኣተባብዓዮም ምኽንያቱ ምጽሓፍ ምልምማድ ርእሰ ምትእምማን ይሃንጽ።

**ምስራሕ ቃላት**

ነቶም ፊደላት እናቐያየርኩም ብምስራዕ ካልኦት ፊደላት ስርሑ። ብቐለልቲ ቃላት ጀሚርካ ናብ'ቶም ዝኸበዱ ኪድ፡ ንኣብነት፡ *on*ን *no*ን; *dad*ን *add*ን; *art, rat*ን *tar*ን; *tabs, bats*ን *stab*ን። እዚኦም 'ኣናግራምስ' ተባሂሎም ይጽውዑ።

> **ኣብ ኣልፋቤት ቋንቋ እንግሊዝ ዘለው 26 ፊደላት ን44 ዝተፈላለዩ ድምጽታት ይውክሉ። ንኣብነት፡ ፊደል a ኣብ ፊደላት *apple, craft, any*ን *apron*ን ዝተፈላለየ ድምጺ ይህብ።**

**ፊደላት ምዝርዛር ኣገዳሲ'ዩ፡**

ኣብ ደገ ኣብ ዝሃለኻሉ እዋን ብዛዕባ ምልክታት የዕልሉ። ንኣብነት፡ ደቅኻ ቃላት ጥቕሚ ከምዘለዎም መታን ክርድኦም ናብ'ቲ ስም ናይ ጎደናኻ ኣመልክት።

**ጸወታታት ምውህሃድ ድምጺ ቃላት**

ከም'ዚ ዓይነት ጸወታታት ምውህሃድ ድምጺ ቃላት ተጻወት: *ምጭውቲ፥ ጎፍጓፍ ጸጉራ፥ ምስ 'mitten' ዝብል ቃል ዝወሃሃድ/ዝሰምር ድምጺ ዘለዋ እንታይ'ያ፧*

> **ክእለታት ፊደላት ምጽሓፍን ምዝርዛርን ግዜ ዝወስዱ መስርሓት'ዮም። ቆልዑት ብዝተፈላለየ መንገዲን ዝተፈላለየ ቅልጣፈን ይመሃሩ። ትዕግስቲ ግበር፡ ኩሉግዜ ከኣ ጻዕርታቶም ኣድንቆ።**

**ተንቀሳቓሲ ቤት ንባብ**

- ኣብ መኪና፡ ኣብ ኣውቶቡስን ባቡርን ኮንካ I *Spy* ተጻወት።
- ከም STOP ዝኣመሰሉ ምልክታት ጎደናን ጻዕቂ መጓዓዝያን/ ትራፊክን ኣንብብ። እቲ ቃል ደው በል ከምዝብልን ኣብኡ ደው ምባል ንምንታይ ኣገዳሲ ከምዝኾነን ግለጸሎም። እዚ ቅኑዕ ምቑጻር /ምዝርዛር ፊደላት ኣዝዩ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ንደቅኻ ክርድኦም ይሕግዝ።
- *ኣንፈት እናሃብካ ቃላት ምድላይ (Word Detective) ተጻወት። ንደቅኻ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታት ሕተቶም፡ ምስ boat ዝብል ቃል ብድምጺ ዝሰማማዕ ቃል ኣየናይ'ዩ?ን እንታይ'ዩ ኣንጻር ቃል ናይ 'long'?*

Department of
**Education**

**ዝያዳ ጽሑፋት**
**ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ**
**education.wa.edu.au ክትረኽቡ ኢኹም።**

© Department of Education, Western Australia, 2015